# ኣሜርካ ንኣፍልጦ ዝኣክል

ኣብዚ ግዜ'ዚ እቲኣ ናይ ዓለምና ሓያልን ዓብላልትን ሃገር ሕቡራት መንግስታት ኣሜርካ ምዃና ዘካትዕ ኣይኮነን። እዚ ሓይሊ'ዚ ዝተረጋገጸ ድሕሪ ውድቀት ሕብረት ሶቭየት ምዃኑ ኢዩ። ኣሜርካ ንጹር ዓላማን ቅኑዕ ኣተሓሳስባን ብዛዕባ ሕብረት ሰባት ዓለምና ኔሩዋ እንተዝኸውን ኔሩ እዚ ግዜ'ዚ ኣብ ዓለምና ሰላም ክሰፍንን ጽቡቕ ኣንፈት ንምዕባለን ብልጽግናን መምርሐ ኔሩ። ኣሜርካ ግን እቲ ዓቢ ጸገማ ብዛዕባ ክብርታታ ዘይትፈልጥን ክብርታት ሕብረተሰባት ዘይትርዳእን ሃገር ምዃና ኢዩ።

ኩሉ ሳዕ ኣሜርካ መንታ ዝኾነ መረዳእታት ሒዛ ኢያ ንዓለም ኽትቆጻጸር ትፍትን። እቲ ሓደ ኣብ ባይታ ኽተረጋግጾ ትደልዮ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ተግባር ክኸውን ከሎ። እቲ ካልኣይ ከኣ ሰብኣዊነትን ነጻነትን ደቂ ሰባት ትብሎ ሰነ ሓሳብ ኢዩ። ኣብ ዓለምና ብታሪኽ ካብ ተኸሲቶም ዝነበሩ ሓያላት መንግስታት በብግዚኡ ነናቶም ጽልዋታትን ሓድግታትን ኣሰራት ገዲፎም እዮም። ኦቶማን፣ ሮማን፣ ዓባይ ብርጣንያ ኣብ ግዚኦም ሓያላት ዓለምና ኣብ ዝነበሩሉ እዋን እዚ ሰብኣዊነት ይኹን ነጻነት ደቂ ሰባት ምስቲ ዓብላሊ ባህርያቶም ሓቢሩ ክኸይድ ስለዘይክእል ይጸቅጥሉ ኣይነበረን። ንሰብኣዊነትን ነጻነትን ደቂ ሰባት ይምድሩ ከምዝነበሩ ዝገልጽ ጽሑፋት ስለዘይገጠመኒ ኢየ ከምኡ ዝበል ዘለኹ። ኣሎ ዝብል እንተሎ ከኣ ክመሃር ስለዝደሊ እቲ ጽሑፋት ዝልግሰለይ ሰብ እደሊ። ኣሜርካ ግን ካብቲኦም ቅድሚኣ ዝነበሩ ሓያላት መንግስታት ፍልይ ዘብላ ብዛዕባ ሰብኣዊነትን ነጻነት ደቂ ሰባት ስለ ትምድር ኢዩ። ሕጂ እቲ ሕቶ ብኸመይ ሓያል ናይ ዓለም መንግስቲ ምዃንን መዳሪ ባዛዕባ ሰብኣዊነትን ነጻነት ደቂ ሰባትን ምዃን ኽቃዶ ይኽእል ዝብል ዛዕባ ኽንካታዕ ይዕድመና። ምናልባት ኣሜርካ እቲ መደረ ንሕቡእ ኣጀንደኣ ስልትጥቀመሉ ኢዩ ዝብሉ ክህልዉ ይኽእሉ። ኮይኑ ግን ሓያል መንግስቲ ናይ ዓለምና ከም ምዃና መጠን ኣሜርካ ድልየታታ ንምፍጻም ከምቲኦም ቀዳሞት ሓያላት ዓለምና ዝነበሩ ኣብ ዘድለያ ግዜን ቦታን ክተፈጽም ትኽእል ኢያ። ኣብነት ዒራቕ፣ ኣፍጋኒስታን፣ ሃይቲን ካልኦትን ምጥቃስ ይከኣል። ስለዚ ሕቡእ ኣጀንድኣ ብሓይሊ ኣብ ተግባር ክተውዕሎ ትኽእል ኢያ። እዚ ካብ ኮነ ኣሜርካ መንነታ፣ እንታይነታ ከምኣ'ውን ክብርታታ ምፍላጥን ምርድኡን ኣይከኣለትን ኣላ ዝብል ስነመጎተ ክነልዕል ይሕግዘና ኢዩ።

እዚኦም መንታ ዝኾኑ መረዳኣታት ናይ ኣሜርካ ማለት ቁጠባዊን ፖለትካዊን ዓብላልነት በቲ ሓደ ወገን ሰብኣዊነትን ነጻነት ደቂ ሰባትን በቲ ካልእ ወገን ኣሜርካ ኣብ ኣእምሮ ምንዋጽን ዕብደብደን ዘምርሓ ዘሎ ተገራጫዊ ዓላማታት ስለዝኾነ ኢዩ። እዚ ናይ መንነት ንበሎ ወይ ከኣ ቅልውላው ክብርታት ኣሜርካ መንቀሊኡ ኣኣብ ግዚኡ ዝመጹ መራሒት ኣሜርካ ዝፈጠርዎ ናይ መንነት ምንዋጽ ኢዩ። ንኣብነት **ቴዶር ሮዝቮልት** ቁጠባዊን ፖለትካዊን ዓብላልነት መንነት ኣብ ኤሜርካ ከሰርጽ ከሎ **ዉድሮው ንልሶን** ከኣ ሰብኣዊነትን ነጻነት ደቂ ሰባትን ኣምር ይጸቕጠሉ ኔሩ። በዚ መነጽር ክርኤ ከሎ ኣብ ኣሜርካ እቲ ቁጣባዊን ፖለቲካዊን ዓብላልነት ነቲ ሞራል ኣሜርካዊያን ንሰብኣዊነትን ነጻነት ደቂሰባትን ክቐትሎ ከሎ በቲ ካልእ ሸነኽ መስለ ደቂ ሰባትን ነጻነትን ከም መርሂ ስለዝቕበልዎ በዚን በትን ኽገላበጡ እዚ ንርእዮ ዘሎና ተገራጫዊ ባህርያትን ክብርታትካ ምሕሳርን ኣብ ኣሜርካ ንዕዘብ። ንኣብነት ኣብ ቤት ጽሕፈት መንግስቲ ኣሜርካ ዝወጸ ንጋድፌ (መራሒ ሊብያ) ዝኹንን መግለጺ ዝወጸን ጸንሖም ናይ ይቕረታ መግለጺ ዘውጽእዎን ሓደ ዓቢ ናይ ምልክት ሕቶ ዘልዕል ኢዩ። ሲውዘርላንዲ ንወዲ ጋዳፊ ኣብ ሃገሮም ምብጻሕ ክፍጸም ምስ መጸ ንሓጽር ግዜ ኣስሮሞ ኔሮም። ምኽንያት መእሰርኦም ከኣ ወዲ ጋዳፊ ንሓንቲ ካብቲኤን ኣገልገልቱ ዘይሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ኽገብር ምስተዓዘቡ ነዚ ብሰብኣዊነትን ነጻነት ደቂሰባትን መርሂ ብምርኣይ ተቓውኦም ገሊጾም። ጋድፌ ከኣ ሕነ ወዱ ንምፍዳይ ብዛዕባ ስዊዘርላንዲ ቁጠባዊ ጂሃድ ዝብሎ ከምዚ ኣሜርካ እገዳ ትብሎ ኣዊጁ። ኣሜርካ ስዊዘርላንዲ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ብሰብኣዊነትን ነጻነት ደቂ ሰባትን መነጽር ክርእይዎ ከለዉ ብታህዋኽ ንጋዳፊ ዝኹንን መግለጺ ኣዊጽኦም። ጸኒሖም ኣብ ሊብያ ዘለዎም ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ረብሓታት ኣብ ግምት ብምእታው ብወግዒ ንሊብያ ይቕረታ ሓቲቶም። እዚ ናይ መንነት ወይ ከኣ ክብርታት ኣሜርካ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ ተጋራጫዊ ኩነታት ኢዩ።

ካልእ ኣብነታት ንምጥቃስ ኣብ ሱዳን ሓደ መድሃኒት ዘፍሪ ትካል ኣሎ። መድሃኒት ንደቂ ሰባት ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣይኮነን ክንዛረብ እንታይ ድኣ ንሰብኣዊነትን ነጻነት ደቂ ሰባትን ጠጠው ኢለ ኣሎኹ ዝብል ሓያል መንግስቲ ኣላታን የብላን ተወንጫፊ ወርዊሩ ከዕንዎ ከሎ እንታይ ኢዩ ክብሃል? እዚ መንነትካ ዝይምፍላጥ ወይ ከኣ ክብርታትካ ዘይምርዳእ ጥራሕ ኢዩ ክኸውን ዝኽእል።

ከምንፈልጦ ኣብ ኢራን፣ ሱዳን፣ ደቡብ ኮርያን ኩባን ብኣሜርካ ዝጸንዔ እገዳ ኣሎ። በዚ ምኽንያት ኣብ ኣሜርካ ዝርከባ ትካላት ናይ ኢንተርነት ኣብዚኤን ልዕል እለን ትጠቒሰን ዘለዋ ሃገራት ኣገልግሎት ስለዘይህባ ሕዝብታት እዚኤን ሃገራት ኣገልግሎት ኢንተርነት ብኻልእ ኣሜርካ ብዘይትቆጻጸሮ መንገዲ እየን ዝረኽባ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን ካልእ ንደቂ ሰባት ጠቓምቲ ዝኾኑ ነገራት ከይረኽባ እዉን ብኣሜርካ ተሓርመን እየን። ኣብዚ ግዜ ግን መንግስቲ ኣሜርካ ኣገልግሎት ኢንተርነት ኣብዚኤን ሃገራት ክተኣታተው ኽፈቕድ ከሎ ነቲ ካላእ ግን ከምዘለዎ ኣብ እገድ ኽጸንሕ ወሲኑ። ስለምንታይ ግን ኣግልጎሎታት ኢንተርነት ጥራሕ ይፍቀድ? ልክዕ ኢዩ እዝኤን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ሃገራት ብስንኪ እገዳ ካብ ኣሜርካ ኣቢሉም ኢንተርነት ካብ ኣሜርካ ኣብ ሃገራተን ብዘይምእታዉ ተማሒረን እየን ኔረን። ኣሜርካ ብእገዳ ኽጎድኤን ኢሉ ዝግበሮ ንዔዔን ግን ብኣንጻሩ ጠቒሙወን። ካብዚ ብምንቃል ከኣ ኢዩ ሕጂ ኣሜርካ ኣጎልጉሎት ኢንተርነታት ኽተኣታተው ዘፍቀደ። እቲ ቐንዲ ዓላምኡ ከኣ ኣብ ኣሜርካ ኮይኖም ነዚኤን ልዕል እለን ዝተጠቐሳ ሃገራት ናዕብታት ንምልዕዓል መጎሳጎሲ ንኽጠቕሞም ተባሂሉ ኢዩ። እዚስ ናይ መንነት ወይ ከኣ ናይ ክብርታት ኣሜርካ ቅለውላው ዝፈጠሮ ተግባር ኣይኮነን ኢሉ መን ኽምጉትኒ ይኽእል። ኣነ ሽንጠይ ገቲረ ኣሜርካ ናይ መንነት ይኹን ናይ ክብርታትካ ምፍላጥ ጸገም ኣለዋ ኢለ ኽሙጉት እኽእል።

ኣብ ግዜ ዝሑል ኲናት እዋን ኣሜርካ ነቲ ካብ ኮሚኒስታዊያን ክመጽእ ዝኽእል ዓብላልነት ንምቁዋም ዘርኣየቶ ተብግሶ ብመጠኑ ንኣሜርካ ከም መራሒት ሃገርን ተጣበቒቲ መሰል ደቂ ሰባትን ክትከውን ኣብቂዑዋ ኢዩ። ድሕሪ ምውዳቕ ሶቭየት ሕብረት ነበር ግን ነቲ ዝረኸበቶ ዓወት ብኣወንታዊ ዕድላት ኣይተጠቕመትሉን። ካብዚ ካብ ኢዳ ዘምለጣ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኢዩ ዝቑጸር። ካብዚ ብምብጋስ ወጻኢ ዝምድናታ ኣሜርካ ኣብዚ ግዜ'ዚ፣ ስሩዕ፣ ብዝግባእ ዝተመልመለን ዝሰልጠነን ዘይኮነስ ከም ኣፍ ልቡ ዝነፈሔ በጋሚንዶ ኢዩ ዝቑጸር። ኣሜርካ ድሕሪ ሶቭየት ሕብረት ውድቀት እዚኣ ዓለም ከምዚ ምንቅጥቃጥ መሬት ወሪዱ እሞ ዋናታቱ ዝሰኣነ ንብረት ዓማጽን ጉሕላን ከምድላዩ ዝዘርፎ ከምኡ ኸይከውን ንብረት ዓለም ንምሕላው ዝተዋፈረት ፖሊስ ኢያ ትመስል ዘላ። ግን ኩሉ ግዜ ኣብ ከምዚ ኩነታት መንነቱን ክብረቱን ዘይፈልጥ ፓሊስ ኣብ ምዝርፉ ንብራትን ምዕማጽ ደቂ ኣንሲትዮን ዝዋፈር ኣመርካ ከኣ ከምኡ ኢያ ኾይና ዘላ። ብሕጽር ዝበለ ኣዘራርባ ኣሜርካ ኣብዚኣ ዓለምና ወንጀላት ትፍጽም ዘላ ሃገር ኢያ።

ኣሜርካ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ሕብራት ሃገራት፣ ኣብ ዓለማዊ ባንኪ፣ ኣብ ናቶ፣ ኣብ ዓለምላኻዊ ናይ ገንዘብ ምሕደራን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ጸጥታዊ ባይቶን ካልእን ዝኣመሳሰሉ ውዱባት መሪሕ ተራ ኣለዋ። ኣሜርካ ዘይትደልዮ ውሳኔ ኽፍጸም ኣይከኣልን ኢዩ። ከም ሓያል ዓለምና ሸውሃታ ንዓለም ንምቁጽጻር ይኹን እምበር እቲ ንዓለምና ኣናዊጹዋ ዘሎ ግን እቲ ገባትን ዓብላልን መልክዕ ኣሜርካ ኣይኮነን። እቲ ምስዚ ኹነታትዚ ዝራጸም ዘሎ ቅድሚ ሕጂ ሓያላት ዓለም ዘየዘውተርዎ ስብኣዊነትን ነጻነት ደቂ ሰባትን ዝብል ኣምር ኣሜርካ ኢዩ። ቅድም ኢላና ከም ዝረኣናዮ እዚ ኣምር'ዚ ንዝኾነ ሕቡእ ኣጀንዳ ንምግልጋል ኣይኮነን። ከም ስነ ሓሳብ ኣብ ኣሜርካ ዝማዕበለን ሓደ ካብ ክብርታት ኣሜርካ ክኸውን ዝነበሮ ኢዩ። ኮይኑ ግን እቲ ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ዕብለላ ዝብል ኣምር ሓናኹሉ ኣብ ናይ መንነትን ወይ ከኣ ክብርታት ምንዋጽ ኣሜርካ ከማዘስዓበ ተዓዝብና ኣሎና። እቲ ኣብነታት ብዙሕ ስለዝኾነ ንምዝርዛሩ ብወገነይ ካብቲ ዕለታዊ መኖባብሮይ ወጻኢ ነዚ ዝኸውን ግዜ የብለይን። ምኽንያቱ ኣመና ብዙሕ ስለዝኾነ። ካብ ኣንቀልና ግን ሓደሓደ ኣብነታት ምጥቃስ ፈውሲ ማሕላ ይኾነና ኢዩ። ኣብ ሕቡራት ሃገራት ጸጥታዊ ባይቶ ንእስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጠማዊያን ተውርዶ ግፍዕታት ዝኹንን ካብ ምእቲ ንላዕሊ ውሳኔታት ኣሎ። ኩሉ እዚ ውሳኔታት ብኣሜርካ ናይ ቀውፊ መሰል ኣብ ዕጹው መንገዲ በጺሑ። ኣሜርካ ንዒራቕ ክትወርር ኣብ ጸጥታዊ ባይቶ ምስ ኣቕረበቶ ፈረንሳ ናይ ቀውፊ መሰላ ተጠቒማ ጠጠው ክተብሎ ፈቲና ኔራ። ኣሜርካ ግን ነቲ ጸጥታዊ ባይቶ ጥሒሳ ብእደ ዋኒና ወራር

ብምፍጻም ንሳዳም ሑሴን ካብ ስልጣን ብምውራድ ብእዲ ኣዙር ከም ዝሰቀል ጌራቶ። ኣብ መወዳእታ ከኣ መስቀልቲ ሳዳም ሕሱን ከምትቃወም ኮይኑ ግን ብዒራቓዊያን ዝተፈጸም ኢዩ ብማለት ከም ጽላጦስ እደይ ሕጹብ ኢዩ ኢላ። እዚ ናይ መንነት ወይ ከኣ ናይ ኣሜርካ ክብርታት ቅልውላው ኣይኮነን ኸብል ዝኽእል ኣሎዶ? ካልእ ኣብነት ንምሃብ ንኣፍጋኒስታዊያን ሶቭየት ሕብረት ነበር ንምቁዋም ብዝብል ሰበብ የዕጥቓ ኸተብቅዕ ሕጂ ንታልባን ንምጥፋእ ብዝብል ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ኣፍጋንሲታዊያን ዝፍጽምዎ ዘለዉ ግፍዕታት ንዕዞቦ ዘሎና ኢዩ። እዚ ሕጂ መራሒ ኣፍጋኒስታን ዘሎ ካሳይ ኣሜርካዊያን ዝደልይዎ ነገራት ክፍጽም ከሎ ዲምክራሲያዊ፣ ሰብኣዊ መሰላት ዝሕሉ ኣምስሎም የቕርብዎ። ኣብ ኢራን ገጹ ቕልቅል ኢንተ ኢሉ ኸኣ ኮራብሸን ኣለዎ እንዳበሉ ይሓምይዎ። እዝስ ናይ ኣሜርካ መንነትካን ክብርታትካን ምንዋጽ ምልክትዶ ኣይኮነን?

ይቕጽል